ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# “ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና እዩ እሞ፡ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ኽንዓዩ ኢና” ነህምያ 2፡20


**ብቀሺ ዲበክሉ ላይነን**

**ዲ. ቴድሮስ ተስፋይን**

**ቅድስት ማርያም ኤርትራ ኦ.ተ.ቤ/ክ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ**


**ግንቦት** 9/2010

# ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ንህምያ

- ❖ ግዜኡ 538-432 ቅ.ል. ክርስቶስ ከምዝኾነ ይእመን።
- ❖ ኣብ 2ዜና መዋእል ዘመናት ኩሎም ድሕሪ ንጉስ ዳዊት ዝነገሱ ምስ ናይ ህይወት ታሪኾም ገሊጽዎ ኣሎ። ኣብ ክልተ ድማ ይኸፍሎም ኣሰር ንጉስ ዳዊት ስዒቦም ንእግዚኣብሔር ዝተገዝኡን፡ ንፈጣሪኦም ከግሁዩ ደድሕሪ ኣማልኽቲ ዝሰዓቡን።
- ❖ተደጋጋሚ መጠንቐቕታ ናይ ነብያት እግዚኣብሔር ምስ ተነጽገ፡ እግዚኣብሔር ንምርኮን መግዛእትን ኣሕሊፉ ስለዝሃቦም ኣዝዩ ጽንኩር ዓመታት ምንባሩ ይፍለጥ።
- ❖ ናይ መጨረሻ ካብ ኣምላኽ ዝዓለወ ንጉስ ሕዝቅያስ (ሴዴቅያስ)፡ እቶም ካህናትን ብምሉኡ ህዝብን ብመገዲ ኣሕዛብ ብምኻድ ንቃል ነብያት ምስነዓቁ…ቁጥዓ ኣምላኽ ፈወሲ ተሳኢንዎ ይብል (2 ዜና 36፡11-16)

# ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ንህምያ

❖ እዚ እቲ ብበዓል ነብዩ ኤርምያስ ዝተኣወጀ ሰብዓ ዓመተ ፍዳን ስቓይን እዩ። ዶግዓ ኤርምያስ ኣብዚ ዘመን እዚ እዩ ስለቲ ዝወረደ መከራ፡ ጠንቁን ፈውሱን ዝገልጽ ዓብዪ ናይ ጸሎት መጽሓፍ እተጻሕፈ።

❖ነብካድነጾር ንጉስ ከለዳውያን ወሪሩ ንኣጉባዞም ብሴፍ፡ ንቤት መቕደስ ራስዩ፡ ንብምልእታ ኢየሩሳሌም ብሓዊ ኣንደዳ፡ ካብ ሴፍ ዘምለጡ ድማ ቦሮት ኮይኖም ናብ ባቢሎን ተወሰዱ (2 ዜና 36፡17-21)

❖ ኣምላኽ እቲ ዝተዛረቦ ቃል (ድሕሪ ሰብዓ ዓመት ኪድንግጸሎምን መሊሱ ኪኣኻኽቦም ምኳኑ) ክፍጽም ንልቢ እቲ ሓድሽ ንጉስ ቂሮስ ናይ ፋርስ (ንንጉስ ባቢሎን ኣሸኒፉ ንብምልእታ ዓለም ዝገዝአ) ኣለዓዒሉ እስራኤላውያ ከይዶም ቤት መቕደሶምን ከተማ ኢየሩሳልምን ኪሃንጹ ገንዘብን ህያባትን ሂቡ ከፋንዎም ጀመረ። (እዝራ 1፡1-ፍጻሜ)

# ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ መጽሓፍ ንህምያ

❖ ንጉስ ባቢሎን ንህዝቢ ብሓይሊ ኪገዝእ ከሎ፡ እዚ ሓድሽ ንጉስ ፋርስ ግን ህዝቢ እንተዓሪፉን ማዕቢሉን ግዝኣቱ ከምዝጸንዕ ቀረጹ ከምዝብርክት ይኣምን ኔሩ። (ሎሚውን ገሊኦም ብሕጊ ገሊኦም ከኣ ብሓይሊ ብረት እዮም ዝነግሱ)

❖ ኣብ ቀዳሞት መጻሕፍቲ እብራይስጥን ግሪኽን መጽሓፍ ኣዝራን ንህምያን ከም ሓንቲ መጽሓፍ እየን ዝግለጻ። መ. ኣስቴር ወሲኺካ ህይወትን ኣምልኾን እስራኤልውያን ድሕሪ ምርኮ ባቢሎን እየን ዘዘንትዋ።

❖ እስራኤላውያን ኣብ ስደት ጥራይ ዕድመ ሓደ ወለዶ ኮይንዎም ስለዝነበረ፡ ባህሎምን ኃይማኖትን ሽለል ብምባል ብህልን ልምድን ባቢሎናውያን ዝለመዱ ሓደሽቲ ወለዶ ፈርዮም፡ ዋላ ተዛማዲ ነጻነት ምስ ረኸቡ'ውን ኩሎም ብሓንሳብ ኣይነቐሉን (ምስ ኩነታትና ብቀጥታ ዝተኣሳሰር ታሪኽ)

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ቀዳማይ ጉጅለ

❖ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ተመቓቒሎም ነንዝተመደበሎም ፍሉይ ተልእኾ ኪፍጽሙ ጀመሩ።

❖1ይ ጉጅለ ብዘሩባቤል ዝምርሑ፡ ቁጽሮም 42,330 (ኣይሁድ) 7,337 (ግዙኣቶምን)፡ ተልእኾኦም መሰረት እታ ዝዓነወት ኢየሩሳሌም ከዐርዩ። (እዝራ 2፡64-65)። ቅድሚ ምጅምሮም ከምዚሎሚ ኣብ ቤ/ክርስትያንና ንገብሮ ዘሎና ገንዘብን ንብረትን ኣዋጽኡ (እዝራ 2፡69)

❖ጀማሪ ምኻን ከቢድ እዩ። ኣብ ርእሴኡ ሸለል ዝብል ሓድሽ ወለዶ ብምንባሩ፡ ቀሊል ኣይነበረን ስለዚ'ዩ ድማ "እቶም ኣምላኽ ዝደረኾም ዘበሉ…ትበገሱ ይብል" እዝራ 1፡5-6 ዝብለና።

❖ኩሉ ጎሓፍ ከተማ ኣጽርዮም፡ መሰረት ቤት መቕደስ ኪውዳእ 2 ዓመት ወሰደሎም ካብኡ ንላዕሊ ከይቕጽሉ ግን እቲ ዕዮ ብተጻባእቲ ደው በለ።

# ፖለቲካዊ መልእኽቲ ዘሎዎ ክሲ እንታይ ነበረ?

- ❖ መጀመርያ መሰረት ቤት መቕደስ ኣብ ህይወት እስራኤልዋያን ከመይ ዝኣመሰለ ሓጎስን ተሓድሶን ከምዘምጽአ ንተዓዘብ (ምንባብ ሓጌ 3፡10-13 ድምጺ ሓጎስን ድምጺ ብኽያትን ኪተፍለየሉ ዘይከኣል ነበረ)
- ❖ ብተቓወምቲ ህንጻ ቤት መቕደስ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ክሲ (ምንባብ እዝራ 4፡11-16።)
- ❖መልሲ ንጉስ ኣርታሕሻስታ (ምንባብ እዝራ 4፡18-23)
- ❖እዚ ምስቲ ክርስቶስ ጎይታ ኪስቀል ከሎ ኣይሁድ ምስ ንጉስ ቄሳር ንምብኣስ ዝምሃዝዎ ፖለቲካዊ ክሲ “ክርስቶስ ንጉስ ኣይሁድ” ዝብል ነገናዝቦ።
- ❖ሎሚውን ቤተክርስትያንና ብተመሳሰሊ ምኽንያት ኣብ ከቢድ ጸገም ትርከብ።
- ❖ ኃይማኖትን ፖለቲካን ዘራኽብ የብሉን።

# ኣብ ከምዚ ኩነታት ዝመጸ ቃል ነብያት እንታይ ነበረ?

❖እንደገና እግዚኣብሔር ነብያት ኣተንስኣሎም። ነብዩ ሃጌን ዘካርያስን ኣብዚ እዋን እዚ እዮም ዝተላእኩ።

❖ነ. ዘካርያስ 4፡6-10 “ዘሩባቤል ዓወት እትረክብ ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትካን ብሓይልኻን ኣይኮነን…) ኩላ ነንብባ።

❖“እዞም ህዝቢ እዚኦም ቤት መቕደስ ከምብሓድሽ ዝስርሓሉ እዋን ኣይኮነን ይብሉ” ሓጌ 1፡2።

❖እዚ ጣዕሚ ስግኦም ደልዮም ዝበልዎ ቃል ሳዕቤን ኔርዎ …ሓጌ 1፡3-11 (ኣንብብ)፡ እተን ዓሰርተ ዓመታት  ምኽንያት ተጻብኦ ዝበኾራ ናይ በርኸት ዓመታት ኣይነብራን (ብዙሕ ትዘርኡን ትጽዕሩን ኣብ ቆፎኹም/ብንክኹም ዝኣቱ ግን ውሑድ ነበረ ዝብል ወቐሳ ተቐበሉ)።

❖ መልሲ ናይ ብዓል ዘሩባቤል እንታይ ነበረ? ሓጌ 1፡12-15 (ነንብባ)

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፣ ተልእኾ ካልኣይ ጉጅለ

- 2ይ ጉጅለ፡ ብእዝራ ዝምርሑ፡ 5000 ህዝቢ። ተልእኾኦም ከኣ ቤት መቕደስ ምዝዛም። ኣስታት 78 ዓመታ ድሕሪ ጉዓዞ እታ ቀዳመቲ ጉጅለ ምኺኑ እዩ። (እዝራ 7፡7,11-14,23)
- ካህን እዝራ ሕጊ እግዚኣብሔር ንምምርማርን፡ ንምግባርን ስርዓትን ፍርድን ከኣ ንህዝቢ ንንምምሃርን ዝተወፈየ ነበረ (እዝራ 7፡10)። (ሞዴል ናይ ጳጳሳት ክህናትን ድያቆንትን ነበረ)
- ካህን እዝራ ተሓድሶ ቤት መቕደስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብንስሓ ተሓድሶ ኣብ ልቢ እስራኤልውያን'ውን ዘምጽአ ዓብዩ ናይ ኣምላኽ ሰብ ነበረ (ምንባብ እዝራ ምዕራ 9 ኩላ ትነበብ)።

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ንህምያ

- ❖ 3ይ ጉጅለ፡ ንህምያ። እቲ እሙን ኣሰላፍ ሜስ ናይ ንጉስ ኣርታሕሻስታ። ተልእኾኡ ኸኣ ደጌታት ኢየሩስሌም ምህናጽ። ኣስታት 100 ዓመታት ድሕሪ ጉዓዞ እታ ቀዳመቲ ጉጅለ (ዘሩባቤል)፡ ኣስታት ድሕሪ 14 ዓመታት ድሕሪ ጉዕዞ ካህን እዝራ (2ይ ጉጅለ) ምኧኑ እዩ። ነህምያ 1፡1-10።
- ❖ ኣንቢብናዮ ስለዝመጻእና ነህምያ ቀዳማይ ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?
  - ❖ ተራ ናይቶም ድሃይ ዝሃቡ (መልእኽትኻ ምብጻሕ፡ ንኹሎም ብጉዳይ ቤተክርስትያኖም ህዝቦም ዝጉህዩ ሓበሬታ ምምሕልላፍ)
  - ❖ መጀመርያ ኣብ ጥዑም ናብራን ህይወትን እኳ እንተነበረ ኣብ ገጹ ክሳብ ዝርኣይ ከቢድ ጓሂ ጎሃየ) (ሎሚውን ከም ናይ ንህምያ ከምኡ ኸኣ ኣንጻር ናይ ንህምያ ዝገብሩ ዘባት ኣለዉ)
  - ❖ጉህዩ ጥራይ ስቕ ኣይበለን ብቐጻሊ ብጾምን ብጸሎትን ናብ ኣምላኹ ተደፍአ (1፡4) (እዚ ዓብዪ ነጥቢ እዩ። ንናይ እስትራተጂ ሕቶ ቅኑዕ መልሲ ይህብ)

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ነህምያ

- ❖ ነህምያ ብቕደም ተኸተል ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?
  - ❖ጉህዩ ጥራይ ስቕ ኣይበለን ብቐጻሊ ብጾምን ብጸሎትን ናብ ኣምላኹ ተደፍአ (1፡4) (እዚ ዓብዪ ነጥቢ እዩ። ንናይ እስትራተጂ ሕቶ ቅኑዕ መልሲ ይህብ)
  - ❖ ቅድሚ ንንጉስ መልሲ ምሃቡ ከማን ጸሎት ገበረ (ግዜ ኣብ ዘይህብ ኩነታት፡ ቀስተ ጸሎት እንብሎ ጸሎት ኣሎ፡ ሓደ ካብኡ ገጽካ ኣማዕቲብካ ስም ሥላሴ ጸዊዕካ ኩሉ ነገርካ ናብ ኣምላኽ ምምዕቋብ እዩ።)
  - ❖ ተንኮል እቶም ጸላእቲ ቤት መቕደስ ስለዘስተውዓለ። ተልእኾኡ ንዋላ ሓደ ኣየማኸረን፡ ብለይቲ ግን ተዋሂብዎ ዘሎ ስራሕ ኮሊሉ ረኣዩን ኣጽነዖን። (2፡11-16)
  - ❖ ምስ መራሕቲ ካህናትን ህዝብን ተላዘበ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ንሳቶም ድማ ንዕዮ ተንስኡ።
  - ❖ ፖለቲካዊ ክሲ ሕጂውን ብሳንባላጥ፡ ጦብያን ጌሸም ዝብሃሉ ጸላእቲ ዝተመርሐ ዳግማይ ክሲ መጸ (2፡19)።

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ነህምያ

- ❖ ነህምያ ብቕድም ተኸተል ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?
  - ❖ፖለቲካዊ ክሲ ሕጂውን ብሳንባላጥ፡ ጦብያን ጌሸም ዝብሃሉ ጸላእቲ ዝተመርሐ ዳግማይ ክሲ መጸ (2፡19)።
  - ❖መልሲ ንህምያ <u>“ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና እዩ እሞ፡ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ኽንዓዩ ኢና” ነህምያ **2፡20**</u>
  - ❖ ብብነገዶም ኪነድቁ ከሎዉ ነቓዕ ከይፈጠሩ ኣለልጊቦም ይነድቁ ነበሩ (ነህምያ 31-32 (ኣድላይነት ብፍቕርን ስኒትን ምግልጋል)
  - ❖ <u>ሕጫጨ ተጻባእቲ (ወኻርያ ደይባቶ ዝፈርስ መንደቕ እዩ) **4፡4** (እዚ ምስ ኩነታትና ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ....ሓደ እዋን ዘጋጠመ ናይ ሓደ ምሁር ሰብ ርእይቶን ምምጻእ ኣቡነ መቃርዮስን)</u>
  - ❖ <u>ድኻምን ምዕዝምዛምን ካብ ውሽጢውን ኔሩ እዩ **(4፡10)** መልሲ ንህምያ **4፡14**። ኣብ ሞንጎኦም ዝርኣይ ዝነበረ ምጭኽኻን ከወግዱ ብቃል እግዚኣብሐር ምዒዱ ነቲ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ፍትሓዊ ብይን ብምሃብ ኣዕረፎ (ነህምያ **5፡119**</u>

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ነህምያ

❖ ነህምያ ብቐደም ተኸተል ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?

❖ጸላእቲ ብምፍርራህን ብምልጋጽን ምኽኒን ምስ ኣበዮም ንነህምያ ኪቐትሉ ንላዘብ ኢሎም ኣርባዕተ ግዜ ከምዝቐጸርዎ። ንህምያ ዝሃቦም መልሲ "ኣነስ ዓብዪ ዕዮ ይዓዪ ኣሎኹሞ ኪወርድ ኣይከኣለንን እዩ…እቲ ዕዮ ኪቦኽረኒ እዩ" ነህምያ 6፡3

❖ ኣብ ፖለቲካ ዓለም ብኸምዚ ዝስልጥኑ ኣሎዉ። ካብቲ ሒዝካዮ ዘሎኻ ተልእኾ ከብኩሩኻ ብጓል መገዲ ዘረባታት ዝመጹ። መልስና እንታይ ኪኸውን ከምዘልዎ ካብ ንህምያ ክንምሃር ይግብኣና። (ኣብዚ እዋናዊ ኩነታት ቤተክርስትያንና በቲ ኩነታት ዝሓዝኑ እንዳመሰሉ …ንዕርቂ ዝሓቱ ሰባት የጋጥሙና እዮም። ሓቀኛ ዕርቂ እንተተድልዩ ግን በዳልን ተበዳልን ተፈሊጦ ብይቕረታን ምሕረትን ደቂሱ፡ እቲ ተነቢሩ ዘሎ ውግዘት ኪልዓልን ተጋሂሱ ዘሎ ሕጊ ናብ ቦትኡ ኪምለስ፡ ካብ ኦርየንታል ተዋሕዶ ነጺሉና ዘሎ ጉዳይ መፍትሒ ኪረከብ ይግባእ።)

❖ ነቲ ዝተፈላለየ ሕሹኽሹኽታታት ነምህያ ብኸምዚ ይገጥሞ ነበረ "እቲ ዕዮ ደው ምእንቲ ክብል ከሰንቡዱና ይፍትኑ ነበሩ። ኣነ ድማ ኦ ኣምላኸ ንስኻ ኣበርትዓኒ ኢለ ዘሎኹ" ነህምያ 6፡8-9

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ነህምያ

- ❖ ነህምያ ብቐደም ተኸተል ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?
  - ❖ ነህምያ ገዛኢ ይሁዳ እምበር ካህን ኣይነበረን መቕደስ ኪኣቱ ኸኣ ኣይግብኦን እዩ። ብገንዘብ ዝተዓደገ ነብዩ ሓሶት ግን ሎሚ ለይቲ ኪቐትሉኻ መዲቦም ኣሎዉ እሞ ንዓናይ ናብ ምቕደስ ንእቶ ኢሉ ከሕጥኦን ሸሙ ኣኽፊኡ ከነውሮን ተንኮሎሉ። መልሲ ንህምያ ከማይ ዝኣመሰለ ሰብኣይ ናብ መቕደስ ኣይኣቱን እዩ በሎ። ነቶም ሓሰውቲ ነብያት ከኣ ኣምላኽ ኪቐጽዖም ጸለየ (ነህምያ 6፡11-14)
  - ❖ ብብዙሕ ተጻብኦ ብረድኤት ኣግዚኣብሔርን ቀጽሪ ኢዮሩሳሌም ኣብ መበል 52 መዓልታት ተዛዘመ (6፡15)።
  - ❖ ብመዝሙር ምስጋናን ዕልልታን መመረቕታ ናይቲ ቀጽሪ ገበሩ (ነህምያ 12፡27-47)
  - ❖ ድሕሪዚ ኣስታት 12 ዓመታት ምስተቐመጠ እንደገና ናብቲ ጽቡቕ ዝገብረሉ ንጉስ ከምዝተመልሰ ይትረኽ (5፡14)

# ጉዕዞ ካብ ባቢሎን ናብ ኢየሩሳሌም፡ ተልእኾ ነህምያ

- ነህምያ ብቐደም ተኸተል ዝገበሮ ነገር እንታይ እዩ?
  - ነህምያ ናብ ቦትኡ ምስተመልሰ መቕደስ እግዚኣብሔር ከም እንደገና ከምዝረኸሰ፡ ካብቶም ተጻራሪ ሓደ (ርስቲ ኣይኪህልወካን እዩ ዝተባህለ) ጦብያ ሓባቢሉ ኣብ ውሽጢ መካበብያ ቤት መቕደስ ርስቲ ከምዝረኸበ ሰሚኡ ጉሃየ (13፡7-8)።
  - ንህምያ ከም እንደገና ናብ ኢየስሩሳሌም መጺኡ ኸኣ ንጸላእቲ ቤት መቅደስ ሰጊጉ፡ ነቶም ኣገልግሎት ሸለል ብምባል ናብ ውልቃዊ ዋኒኖም ተመሊሶም ዝነበሩ ሌዋውያንን ካህናትን ጸዊዑ ግብኦም ካብቲ ህዝቢ ከምዝረኸቡ ጌሩ ከምእንደገና ንዕዮ ቤት ኣምላኽ ሓደሶ።
  - እዚ ኹሉ ኪገብር ከሎ ብተደጋጋሚ ዝጽልያ ዝነበረት፡ ሎሚ ጸሎትና ክትከውን ዝግብኣ እንታይ ኔራ?
- “ኦ ኣምላኸይ በዚ ዝገበርክዎ ዘክረኒ፡ ንጹቡቕ ሕሰበለይ።”

# ነታ ቀዳመይቲ እትመስል ዳግማይ ዝተሰርሐት ቤት መቕደስ



# ዝተወከስናሎም መጻሕፍቲ


- መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ። ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ።
- ትርጓሜ ኣርባዕቱ ወንጌል ብመጋቤ ምስጢር መብራህቱ ሞባእን መሪ. ተወልደመድህን መንግስቱን (2005)።
- ንተመሃሮ ስነ-መለኮት ቅ. ኣትናቴዎስ ዝተዳለወ ኣጻሕፍቲ።
- መርበብ ሓበሬታ ኦ.ተ. ኤርትራ፥ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ (www.tewahdo.org)
- መርበብ ሓበሬታ ኦ. ተ. ግብጺ፥ ሃገረ ስብከት ደቡባዊ ኣሜን ኣመሪካ (www.suscopts.org)

“ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።” 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፡15።

ንቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!

ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ዕድመን ጥዕናን ኣብ ዕዮኦም ከኣ ኣሳልጦ ይሃብ።
ኣብ ቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ የስፍን።